# መበል 21 ጽምብል በዓል ናጽነት ኤርትራ
## ኣብ ከተማ ከለን ብዓወት ተዛዚሙ

ዕለት 19.05.2012

ጽምብል በዓል ናጽነት ኤርትራ ብዕለት 19.05.2012 ኣብ ከተማ ከለን "ናጽነትና ክብረትና ! " ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ተኸብረ ። እቲ ኣስታት 300 ዝተኻፈልዎ ጽምብል፡ ሕጻናትን መንእሰያትን ብብዝሒ ብምስታፎም ኣዝዩ ውዕውዕን ድሙቕን ኮይኑዩ ሓሊፉ።

መደብ ብዓል ብኣቦ መንበር ማ/ኮም ከለን ኣቶ እድሪስ ኣሕመድ ዑመር ብዝኸረ ሰማእታት ምስ ተኸፍተ ፡ መንእሰያት ተመሃሮ ማሕበረኮም ከለን ብኹሎም ሕጻናትን ተሰተፍቲ በዓልን ተሰንዮም ሃገራዊ መዝሙር ኤርትራ ብምዝማር እቲ መደብ ቀጸለ። ኣቦ መንበር ማ/ኮም ከለን ናይ ዮሃና መልእኽቲ ድሕሪ ምቕራቡ በቲ በዓል ምዕሩግ ንኽኸውን ዝሓየለ ተወፋይነት ዝኸፈሉ ኤርትራዊያን ተቐማጦ ከለን ዕዙዝ ምስጋና ኣቕረበ። ቀጺሉ ወኪል ኢምባሲ ሃገር ኤርትራ ጀርመን ኣቶ ዮሃንስ ደባስ ንበዓል ናጽነት ዝምልከት ቃል ኣምባሳደር ሃገር ኤርትራ ንጀርመን ኣብ ዘቕረቦ ፡ ኣብ ኩሉ ጽላታት ሃገራዊ ዓቕሚ ንምብራኽ ዝተኻየደ ዕዉት ስርሓት ብምብራህ ህዝቢ ኤርትራ ንምምሕዳር ኣመሪካን ከደምቱ ወያኔን ከደዓትን ንምፍሻልን ጥርኑፍን ጥሙርን መኸተ ኣብ ሙሉእ ጀርመን ብተደጋጋሚ ክካየድ ብድሕሪ ምጽናሕ መቐጸልታኡ ሕጂ'ውን ሓድነቱ ኣደልዲሉ፡ ብጸላእቲ ሃገር ንዝምስርሑ ፈጠራታትን ካልኦት ብድሆታትን ፊት ንፊት ብጽንዓትን ስጡም ሓድነትብ ብውህደት ንክንምክት ከምዝሎና ንተሳተፍቲ ሰሚናር ተሳበወ።

ሰዒቡ ተሰተፍቲ ብዓል ኣብቲ ተዳልዩ ዝነብረ ባህላዊን ሃገራዊን ምኡውን ናይ ቶርተን ሻምፓኝን መደብ ብምስታፍ ውዕውዕ ሓድነታዊ መንፈስን እቲ በዓል ቀጸለ።

ዕድመ ኣኽቢሮም ነቲ ኽቡር በዓል ንምጽንባል ካብ ከለንን ከባቢኣን ከተማታት ዝመጹ ሃገራውያን ተሳተፍቲ ብብዝሒ ሕጻናትን ከምኡ'ውን ብፍሉይ ጥርናፈን ውዳበን ዝመጹ ኣባላት ማሕበረኮም ቩፐርታልን ፡ ብዝተራእየ ሕጉስን ሓድነት ዝመልኦ ሃዋህውን ነቲ በዓል ፍሉይ ድምቀትን ምዓርግን ብምሃብ ፡ ጽምብል በዓል ነጻነት ኤርትራ ኣብ ከተማ ከለን ብዓወት ተዛዚሙ።

ዓወት ንሓፋሽ
ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰውኣትና
ሽማግለ ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን

(ኣሳእል ኣተሓሒዝና ንልእከልኩም ኣሎና)